Australian Government

Department of Health

**ብናይ ዕድመ ሽማግለ ሓልየት መውሃቢ ንዘለው እሞ ብሰንኪ ለበደ ኮቪድ/COVID-19 ቫይረስ ኣብ ከቢድ ሓዘንን ጉድኣት ንዝበጽሆም ሓገዝ**

ኣብ ኣውስትራሊያ ናይ ዕድመ ሽማግለ ሓልየት መውሃቢ ውሽጢ ንዘለዉ ሓዘንተኛታት፤ ንዝፈትውዎ ዝሰዓኑን ጭንቀት መንፈስ ንዘለዎም ሰባት ሓገዝ ንምግባር ናይ ኣውስትራሊያ መንግሥቲ ናይ ሓገዝ ገንዘብ ግልጋሎታት ከምዘዳልው እዩ። እቶም ኣገልግሎታት ዝዳለዉ ኣብ ዕድመ ሽማግለ ሓልየት መውሃቢ መጽለሊ ንዝነብሩ ከምዝኾነ፤ ነቲ ዝፈትውዎ ንዝሰኣነ ሰብን ንናይ ዕድመ ሽማግለ ሓልየት ውሃቢ ሰራሕተኛታት ይኸውን። ነዞም ኣገልግሎታት ባዕልኻ ክትጥቀመሉ ትኽእል ወይኻዓ ንስኻ ትፈትዎ ሰብ ብናቶም ዝፍለጥ ማሕበረሰባት ይኸውን።

ሕድሕድ ሰብ ነዞም ንምጥቃም ብዘይኽፍሊት ብናጻ እዩ።

እዞም ድርጅታት ኩሎም ንናይ ሰባት ባህሊ፤ ሓይማኖት፤ መስል መንነትኻን ኣነባብሮኻ ክብረት ይህብዎ እዮም። ትፈትዎ ሰብ ኣስተርጓሚ እንተደሊዩ፤ ንትርጉምን ኣስተርጓሚ ኣገልግሎት ብስልኪ **131 450** ጌርካ ምድዋል። ንናትኻ ቛንቛ ምሕታትን ነቲ ክተዘራርቦ ዝደሌኻዮ ኣልግሎት ምሕታቅ።

**ብከቢድ ሓዘንን ዝፈትዎ ሰብ ንዝሰዓነ ሓገዝ**

**ብስልኪ መማኸርቲ:**

ብከቢድ ሓዘንን ብሞት ዝተፈለዮም ሰባት ብናይ ኣውስትራሊያ ማእከል ኣቢሉ ንዕድመ ሽማግለ ሓልየት ውሃቢ ሰራሕተኛታት፤ ንዕድመ ሽማግለ ሓልየት ውሃብቲን ንናይ ሓይማኖትን ንማሕበረሰብ ጉጅለታት ብምሕጋዝ ብሰንኪ ለበደ ኮቪድ/COVID-19 ሓዘን ንዝበጽሆም ሰባት ብኸመይ ንማሕበረሰብካ ምሕጋዝ ከምዝኻኣል ብስልኪ **1800 222 200** ተጌሩ ምኽሪን ሓበሬታ ይውሃቦም እዩ።

ኣብ ትድውለሉ እዋን ንስኻ ወይኻዓ ትፈትዎ ሰብ እንታይ ዓይነት ሓገዝ ከምዝደሌኻ ንኣቶም ክተዘራርቦም ትኽእል። በዚ ውሽጢ ክኻተት ዝኽእል ብተለሄልዝ ኣቢልካ ምስ ሰበሞያተኛታት ወይኻዓ ውልቀሰባት (ብስልኪ ወይኻዓ ብቪዲዩ ኣኼባ) ጌርካ ብጉጅለ ወይኻዓ ብተናጸል ሓደ ብሓደ ኾይንካ መማኸርቲ መዳለዊ ትምህርቲ ዘኻተተ እዩ።

ብከቢድ ሓዘን ንዘሎን ብሞት ንዝተፈለዮ ሰብ ብናይ ኣውስትራሊያ ማእከል ኣቢሉ ብክልተ ቛንቛታት ዘዘራርቡ ሰራሕተኛታት ከምዘለዎም እሞ እዞም ምስ ናይ ኣረብኛ፤ ቸዘች/Czech፤ ፋሪስ፤ ጣሊያን፤ ጃፓን፤ ማልተስ፤ ሲንሃላ፤ ታሚል፤ ስፓኒስ ከምኡ'ውን ብናይ ያዲሽ ቛንቛ ተዛረብቲ ዓሚላት ብሓባር ዝሰርሑ እዮም። ስልኪ ኣብትድውለሉ እዋን ንናትኻ ቛንቛ ምሕታት። ብካልእ ቛንቛታት ኣስተርጓሚ እንተደሊኻ ንትርጉምን ኣስተርጓሚ ኣገልግሎት ብስልኪ **131 450** ምድዋል እሞ ንከቢድ ሓዘን ዘለዎን ብሞት ንዝተፈለዮ ናይ ኣውስትራሊያ ማእከል ምሕታት።

ከምኡ'ድማ ጸማምን ናይ ምስማእ ጸገም ንዘለዎም ሰባት ኣውስላን/Auslan ብምጥቃም መጠቀም ንከቢድ ሓዘን ዘለዎን ብሞት ንዝተፈለዮ ናይ ኣውስትራሊያ ማእከል ይሕግዙ እዮም።

**ከቢድ ናይ ኣእምሮ ምርሳዕ ጸገም ንዘለዎ ሓገዝ:**

ከቢድ ናይ ኣእምሮ ምርሳዕ ኣውስትራሊያ ኣብ ዓመት 365 መዓልታት ኣብ መዓልቲ 24-ሰዓት ኣብ ሙሉእ ኣውስትራሊያ ደገፍ ሓገዝ የዳልው እዩ። በዞም ዝዳለዉ ምኽሪን ደገፍን ምስ ከቢድ ኣእምሮ ምርሳዕ ምክንኻን ንዝግበረሉ ሰብ እዩ። ብናቶም ስልኪ **1800 699 799** ደዊልኻ ምዝርራብ። ንባዕልኻ ወይኻዓ ትፈትዎ ሰብ ኣስተርጓሚ እንተድልዩ ንትርጉምን ኣስተርጓሚ ኣገልግሎት ብስልኪ **131 450** ምድዋልን ንከቢድ ኣእምሮ ምርሳዕ ሓገዝ ኣውስትራሊያ ምሕታት።

**ብጥብቅና ጠጠው ምባል:**

ብዕድመ ሽማግለ ሰባት ንደገፍ ጥብቅና ኣሰራርሓ መርበብ ኣብ ሙሉእ ኣውስትራሊያ ንዘሎ ናይ ዕድመ ሽማግለ ምክንኻን ጥብቅና ኣገልግሎታት ይዳለው እዩ። ምስ ዕድመ ሽማግለ ምክንኻን ኣገልግሎታት ዝተዛመደ ጸገም እንተሃልዩካ እሞ ሓገዝ ካብ ኣቶም ትረኽብ ኢኻ። ብናይ ዕድመ ሽማግለ ሰባት ንደገፍ ጥብቅና ኣሰራርሓ መርበብ ኣቢሉ ዝዳለው ብዘይኽፍሊት ናጻ፤ ሚስጥራዊ

ብዘለዎ መንገዲ፤ ካብ ዝኾነ ተጽእኖ ዘይብሉ ናይ ደገፍ ጥብቅና፤ በዕድመ ሸማግለ ንዝኾኑ ሰባት፤ ንስድራቤቶምን ንተወከልቶም ናይ መረዳእታ ትምህርቲ ብምድላው ይኸውን። ንኣቶ ብስልኪ **1800 700 600** ጌርካ ምድዋል። ንስኻ ወይኻዓ ትፈትዎ ሰብ ኣስተርጓማይ ከድሊ እንከሎ ንትርጉምን ኣስተርጓማይ ኣገልግሎት ብስልኪ **131 450** ምድዋልን ብዕድመ ሸማግለ ንዝኾነ ሰብ ሓገዝ ጥብቅና ኣሰራርሓ መርበብ ምሕታት እዩ።

**ብዛዕባ ኮቪድ/COVID-19 ቫይረስ ዝበለጸ መረዳእታ ንምርኻብ**

ካብ ሕጋዊ ዝኾኑ መገልገሊ ምንጪታት ንዘለዉ መረዳእታ እንዳፈለጥኻ ምጽናሕ ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ድረገጺ፡ health.gov.au ኣቲኻ ምርኣይ ወይኻዓ ንሃገራዊ ኮሮናቫይረስ ሆትላይን መስመር ብስልኪ **1800 020 080** ጌርካ ምድዋል። ኣስተርጓማይ እንተደልዩ ንትርጉምን ኣስተርጓማይ ኣገልግሎት ብስልኪ **131 450** ምድዋልን ንሃገራዊ ኮሮናቫይረስ ሆትላይን መስመር ምሕታት።